መዋዕለ ህጻናት

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ቁጽራት: ኣብ ገዛ ምምሃር

## ንገዛ ዝኸውን ናይ ቁጽሪ ሥራሕቲ ውጥን ሓሳብ

### ብሓባር ምንባብ

ሕሳብ ናብ ገዛኹም ንክመጽእ መጽሓፍቲ ቐሊልን መሓጐሲ ዝኮነ መንገዲ እዩ። ክተንብብ እንከሎ በዚ ዝስዕብ ሕቶታት ብምሕታት ዝበለጸ ሓጐስ ይውስኽ፤ እዚ'ውን: ካልኣይ ዝበጽሐ ሰብ መን ኔሩ? ቡናዊ ሕብረ ጸጉሪ ዘለዎም ሰባት ክንደይ እዮም? ኣብቲ ስዕሊ ውሽጢ መን እዩ ነዊሕ? ከምኡ'ውን በይኑ ገጺ ኢና ዘለና? ገጺታት ክትግልብጥ እንከሎ ቁጸሮም።

> ኣብቲ ማይ እንዳተጻወትኻ ብዛዕባ ምዕቃን ንክትማሃር ኣብ መሕጸቢ ገንዳ ተሕልፎ ግዘ ዓቢ ግደ ኣለዎ።

### ምግቢን ምክሻን ጸብሒ

ውላድኻ ቅመማት ብማንኪያን ብኩባያ ምዕቃን ክሕግዘካ ሕተት። ናይቲ ምድጃ ኦቨን ግዘ ሰዓት ከቅምጥሉ ግበር። ብሓባር ኾይንካ ምግቢ ምድላውን በዚ ዝስዕብ ዘኣመሰሉ ሕቶታት ሕተት: ክንዮይ ሰባት ኣዲሌውን ኣለው? ክንደይ ሻሓኒን ኩባያታት የድልየና? ከምኡ'ውን፡ ንኹሉ ሰብ ዝኸውን እኹል ፋርኬታታት ኣለና'ዶ?



### ብዛዕባ ግዘ ምዝራብ

- ኣብ ሓደሓደ መዓልቲ እንታይ ከምዝተገብረ ሰሙናዊ መዓልታትን ሥራሕቲ ተዘራረብ። ንኣብነት: ሰንበት እኖ ሓጐ ንምርኣይ ክንከይድ ኢና ከምኡ'ውን ረቡዕ ኣቕሑት ክንዕድግ ኢና።
- ብዛዕባ ቐትሪ፣ ምሸት፣ ንጉሆን ድሕሪ ቐትሪ ዝተገብረ ሥራሕቲ ምዝርራብ፤ ንኣብነት: ምሸት ናብ ዓራት እኸይድ ከምኡ'ውን ንጉሆ ሰብነተይ እሕጽብ።
- ብዛዕባ ወቕቲታትን ኣዋርሒ ተዘራረብ፤ ንኣብነት: ናትኻ ዕለተ ልደት ኣብ ግንቦት/May ከምዝኾነ ከምኡ'ውን ኣብ ክረምቲ እግረ

> ቁጽሪ መጠን ኣቕሑት ዋላ ኣቐማምጣ ተቐየርካ እውን ዘለዎም ብዝሕ ከምዘይልወጥ ንውላድኻ ኣርእዮ።
>
> ቁሩብ ኣቕሑት ብመስመር ጌርኻ ኣቕምጥ እሞ ከም'ዚ ኢልካ ሕተት፤ ክንደይ? ነቶም ኣቕሑት ብጉጅለ ኣቕሚጥኻን ሕተት፤ ክንደይ?
> እቲ መልሲ ሓደ ዓይነት እዩ።

ኵዕሾ ንጻወት።

### ስፖርቲ

ስፖርቲ ንሕሳብ ዘካተተ ኣርእስቲ እዩ፡ ብቐሊሉ ከተዕልለሉ ትኽእል ኢኻ። ትኽእሎ ነገር:

- ኣብ ውጽኢት መመዝገቢ ሰሌዳ ነጥቢ ተመሌከት
- ኣብ ውድድር ብዛዕባ ዘለዎም ደረጃ ቦታ ተዘራረብ – ቐዳማይ፣ ካልኣይ፣ ሳልሳይ ...መጨረስታ።

Department of
**Education**

ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ
ኣብ ገዛ ምምሃር ሓቓዊ ጽሑፍ ወረቐቲ
ኣብ ዌብሳይቲ education.wa.edu.au.

© Department of Education, Western Australia, 2015